


## ኣካላውን ኣእሙሮኣውን ጉድለት

# ጥዕና ኢሳያስ ኣግሃደት

**ኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**
**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**
**መይ 6፡ 2020**

**ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናታት ይጓደሎ ከምዘሎ፡ ኣብ መገሽኡ ናብ ደምቢያ፡ ክልል ኦሮሚያ ተጋሂዱ ከምዘሎ ኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ሓቢሮም።**



ኣይተ ኣብ "ምብጻሕ ናብ ጀርዲን ባሃበሎም"።

ብናይ ሃወልቲ (የማነ ቻርሊ) ስኑዕ ፍቶ ኣብ ትዊተርን ብመደናገሪ ስኑዕ ፎቶ ናይ ጸጥታ ኤርትራ ኣብ ፈይስቡክን ዝተሰነየ ሆይሆይታ ናይ ኢሳያስ ናብ ኢትዮጵያ፡ ናብ  ኣዲስ ኣበባ ዘይኮነስ ናብ በረኻ ደምቢያ፡ ክልል ኦሮሚያ ምንባሩ፡ ደጊም ኩልና አረ ፈሊጥና ኣሎና።

መገሻ ናይ ኢሳያስ ናብ ደምቢያ፡ ብተግባራውነቱ ይኹን ቁም ነገሩ ካብ "ምብጻሕ ናብ ጀርዲን ባሃበሎም" ዘይሓይሽ'ዩ። ድራማ ነቶም ኦሮሞ ንግደፎ። ጠመተና ናብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ኩነታት ኢሳያስ  ይቕናዕ።

# ኣካላዊ ጸገማት ናይ ኢሳያስ



ሕበጥን ጻዕዳ ሕማም ቆርበትን
ኣብ ጉምቦ ኢድ ናይ ኢሳያስ።

<u>ቀይሕ ኲናት</u>፡ መርኣያ ሕበጥ ኣብ ኢድ
<u>ሓምላይ ኲናት</u>፡ መርኣያ ጻዕዳ ሕማም ቆርበት ኣብ ጉምቦ ኢድ

ኣብዚ ጎሊሑ ዘሎ ፎቶ ናይ ኢድ፡ ሕበጥ ናይ ኢድ ክንዕዘብ ንኽእል። እቲ ሕበጥ፡ ኣብ መመልከቲቶ ኣጻብዕን ኣብ ዝባን ጉምቦ ኢድን ብጉህድ ይርአ። ብተወሳኺ ጻዕዳ ሕማም ቆርበት (vitiligo) ኣብ ታሕተዋይ ሸነኽ ናይ ጉምቦ ኢዱ ንዕዘብ።



ኣይተ ቅድሚ ሕጂ "ኣዚዩ ጥንቁቕ፡ ኣዚዩ ጎራሕ፡ ኣዚዩ ስቱር ኮታስ ጽያፉ ዝኸተተ" በዓል ጠባይ ነበረ።

# <u>ኣእሙሮኣዊ ጸገማት ናይ ኢሳያስ</u>

ኣብቲ ናይ ERIVISION ቪድዮ፡ ኢሳያስ ዘማሃጾ ናይ ኣእሙሮ ጸገማት ከነስተባህል ንኽእል። ንኣብነት ኣብቲ ቪድዮ ኢሳያስ ኮፍ ኢሉ ከሎ ማስቲካ እናሓየኸ ዘርኢ ክሊፕ ይርከቦ።

ኣብቲ ናይ ERIVISION ቪድዮ፣ ኢሳያስ ዋላ'ኳ ማስኬራ ናይ ኮቪድ-19 ጌሩ እንተነበረ ኣብ ትሕቲ ማስኬራ ማስቲካ ክሕይኽ ብግሁድ ይርአ።

ኢሳያስ፣ ኣብ ዕድሚኡ ምሉእ፣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ወጺኡ ማስቲካ ክሕይኽ ፍጹም ተራእዩ ኣይፍለጥን። ኢሳያስ፣ ኣብ ዕድሚኡ ምሉእ ጌርዎ ዘይፈልጥ ኣሉታዊ ተግባር፣ ሕጂ ወደቓ ክፍጽሞ ከሎ፣ ምልክት ናይ ብርቅነት ውድቀት (Cognitive Decline) ናይ ኢሳያስ ኢዩ። ናይ ብርቅነት ውድቀት ማለት ናይ ኣዚርካ ምሕሳብን ምርዳእን ጸገማት ማለት'ዩ።

እቲ ኩልና ንፈልጦ ኢሳያስ፣ ኣብ ህዝባዊ ወይ ኣብ ግዳማዊ ነጸብረቕትኡ፣ ኩሉሻዕ "ኣዚዩ ጥንቁቕ፣ ኣዚዩ ጎራሕ፣ ኣዚዩ ስቱር ኮታስ ጽያፉ ዝኸተተ" በዓል ጠባይ ነበረ። ሕጂ ግን ሃንደበት ኣንጻር ንቡር ኣዎንታዊ ጠባዩ ምኻድ ጀሚሩ ከምዘሎ፣ ክንርዳእ ንኽእል።

# ኢሳያስ፡ ጸገም ናይ ኣካላዊ ጥዕንኡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣእሙሮኣዊ ጥዕንኡ'ውን ምምዝባል ክሓድሮ ጀሚሩ ከምዘሎ፡ ጀርዲን ባሃበሎም ኣግሂዳትልና ትርከብ።

## ኢሳያስ ማስቲካ ክሕይኽ ከሎ ኣብዛ ናይ ERIVISION ቪድዮ ይርከብ።

ERIVISION:- ኢሳይያስ ብኣፉ ይምስክር!

https://www.youtube.com/watch?v=-YmzsMo44gk&fbclid=IwAR2Ij3ab3dgim7tu6du3Wm3e79QvVbnICBZb6-Z43D6R8Xw7vL825ah4CNQ



Investigator Haile Menegesha Okbe
Toronto, Canada

Com Links
(416)-858-9305
haileokbe@yahoo.com
FB: Haile Menegesha Okbe
What's App: Haile Menegesha Okbe

---

**The eccentric Isayas Afewerki's trip to Demqiya, Oromia was another aspect of the funny TV series "Jerdin Behabelom".**

**During the trip to Demqiya, Oromia Isayas Afewerki exhibited swelling and vitiligo (skin fading) on his hand as well he manifested symptoms of cognitive decline.**